# እወ ንሱ ምስኦም

ንሱ ብቐደሙ ብፊደል ጀሚሩ ሀሁ ኢሉ
ንታሪኹ ኣንቢቡ ምስ ብጾቱ ኣስተውዒሉ
ንሃገሩ ኣማኺሩ ሐቲቱ ኣሚኑ ንሐንጎሉ
ኣብ ዓለም መሰል ህዝቡ ክኽብር ብኹሉ
ብማንነቱ ክሕበን ተበጊሱ ባዕሉ ምስ ኩሉ
ንኸባቢኡ ንዓለም ጠሚቱ
ንዓርኩ ንብጻዩ ጎሬቤቱ
ንወለድቱ ንሐዉ ንሐፍቱ
ኣስተውዒሉ ሰኣን ናጽነት ክሞቱ
ክጋደል መሪጹ ንመስዋእትነት ብሒቱ
በዓል በትሪ ዓለም ጥራሕ ክይነብር
ማዕጾ ገዛ ህዝቡ ክይሰበር ክይሹቕረር
ኤርትራዊት ሃገሩ ብባዕዲ ክይትውረር
ጸጋ መሬታ ብኻልኦት ክይትመሓደር
ንብረት ህዝቡን ዓድታትን ብሐዊ ክይሐርር
ንመስዋእትነት መሪጹ ምእንቲ ዶባቱ ከኽብር
ኣብታ ዝተወልደላ ዝዓበየላ ሃገር መሬቱ
ሰባ ክስደድ ሕጻናት ኣቦታት ብግፍዒ ክሞቱ
ባዕዳዊ ብዓርቢ ብሰንበት ኣመኽንዩ ክኣቱ
ብሸቕጥ ሃይማኖት ክፈላለ ክበኣስ ምስ ኣሕዋቱ
ዓማጺ ንኤርትራዊ ሪሙ ኣጥፊኡ ክነብር ብሒቱ
ጆግና ኣይተቐበሎን ስለዘይከይድ ምስ እምነቱ
እወ መሬት ሃገሩ ብኻልኦት ተዓብሊሉ
ብትሑት ክጥመት ባህላዊ ታሪኹ ምስሉ
ኣብቲ ወለድቱ ዝተቐብሩሉ ንሱ ዝተወልደሉ
ህዝቡ ክጠሚ ኣብ መሬት ሃገር ናይ ባዕሉ
ተሰዓን ትሻዓተን ወሲዶም ሐንቲ ክቶኽቡሉ
ወዲ ኤረ ኣለኹ ኢሉ ተሲኡ ንመሰሉ ክሕሉ
እወ ንሱ ምስኦም ብቐደሙ
ንታሪኹ ዘኪሩ ኣስተውዒሉ
ሐቲቱ ንሐንጎሉ ብኹሉ
ንኽብሪ ሃገር ንመሰሉ ክሕሉ
ቃልኪዳን ብጾቱ ዘኪሩ ኣሚኑ
ደኺሙ ኮፍ ኣይበለን ክዕርፍየ ኢሉ
ህዝብና ኣብሃገሩ ንሰላም ከስተማቕር
በብኽእለቱ ብሐባር ክሰርሕ ክጽዕር
ግዜናን ገንዘብናን ኣወሃሂድና ክነብር
ሐድነትና ወሳኒዩ ንጸላእትና ክንቀብር
ጸሐይናውን ክትበርቕ ቀሪባያ ብርሃን ተስፋና
ኣብታ ታሪኻዊት ባድመ ኤርትራዊት መሬትና
ንመክት ብሐባር ንኽንጸራርጎም ንኹሎም ጸላእትና
እቶም ብፍልልይ ብኣውራጃ ብቡሽ ዝእምነቶም
ሰዓቶም ከስተኻኽሉ ንመኽሮም ግዜ ከይጸልመቶም
ብኤርትራዊ ባህልን ክብርን ፍልስፍናን ኣሚኖም
ንዘሕለፍዎ ጨብረቕረቕ ብሂል ሕልሞም ገዲፎም
መትከል ሐቂ ክሕዙ ንመኽሮም ታሪኽ ከይጸቕጦም
ብዝተረፈ ንጀጋኑ ስውኣት ኣሕዋት ናይ ኩልና
ሰናይ ቃሎም ቃልና ደሞምውን ከምቲ ደምና
ስለዝኾነ ኣይንረሳዓዮ ነቲ ዓወት ንሐፋሽ ጭርሖና
ሚዛኑ ከቢድ ዕምቆቱ ነዊሕዩ ምስኦም ዘራኽበና

ሕጂውን ዓወት ንሐፋሽ

ሞትን ስዕረትን ንኹሎም ጸላእትና
ብርሃነ ገብረመስቀል
29.01.2008 ፍራንክፈርት